A Royal Women's Hospital
Well Women's Publication

Women's Health Matters



# ካብ ጥንሲ ፈሳሲ ብምውሳድ ዝግበር መርመራ/ AMNIOCENTESIS

## ካብ ጥንሲ ፈሳሲ ብምውሳድ ዝግበር መርመራ/AMNIOCENTESIS እንታይ እዩ?

AMNIOCENTESIS መርመራ ከኸውን እንከሎ ቁሩብ ናሙና ፈሳሲ ኣብቲ ማማይ ዝርከበሉ ማሕጸን ካባቢ ይውሰድ እዩ። እቲ ፈሳሲ ምርመራ ከግበር እንከሎ እቲ ማማይ ዝኾነ ፀገም እንተዛልይዎ ከርእይ ይኽእል እዩ።

## እቲ መርመራ ከመይ ይግበር?

መርፍእ ብናይ ኣዶ ቆርበት ተጌሩ ናብቲ ፈሳሲ ዘለዎ ማሕጸን ነቲ ማማይ ከይነኽኣ ወይካዓ መዳሕንቲ [ድሕሪ ምውላድ] ይውጋእ እዩ።

መርመራ ኣብዝግበረሉ እዋን እቲ ማማይ ናብ 16 ሰሙናት ይገብር ከምኡ'ውን 150 ሚሊ ሊትር ዝኸውን ፈሳሲ ኣብዙሪያ እቲ ማማይ ኣሎ። 15 ሚሊ ሊትር ዝኸውን ፈሳሲ ነቲ መርመራ ከምዘድልይ እዩ።

## እቲ ፈሳሲ እንታይ ይግበር?

መብዛሕትኡ እቲ ፈሳሲ ንክልተ ነገራት መርመራ ይግበረሉ፡

- alpha feto-protein ፕሮቲን ዝብሃል ንምንባሩን ኣቐን መጠን ይርኣይ። እቲ ማማይ spina bifida (ኣካላዊ ድሕሪት) ዝብሃል እንተዛልይዎ ብዙሕ ፕሮቲን በቲ ፈሳሲ ውሽጢ ይርከብ እዩ።
- ንናይቲ ማማይ ክሮሞሶም ንምፍታሽ ኣብቲ ፈሳሲ ውሽጢ ዝርከብ ዋህዮ ክጠቅም ይኽእል። እቲ ማማይ ሕማም ከምዘለዎ ዝሕብር Down's syndrome (ናይ ኣእምሮ ድሕሪት) ዝብሃል ወይካዓ ዝኾነ ካልዕ ናይ ክሮሞሶም ፀገም ከምዘለዎ በዚ ፍተሻ ንምርካብ ይኽኣል እዩ። ናይቲ ማማይ ጾታ'ውን ከውሰን ይኻኣል እዩ።

**ናይ ጥንሲን ቀልዓ ምውላድን መረዳእታ ወረቐት፡ ሰነ/JUNE 2003**

**ኣብ ፅንሲ ፈሳሲ ብምውላድ ዝግበር መርመራ/AMNIOCENTESIS**

በቲ ፈሳሲ ዝካየድ ብዙሕ መርመራታት ኣለዉ ግናስ እዚም መርመራታት ዝግበሩ ወለዲ ናይ ምውላድ ፀገም ንምንባሩ እንተተፈሊጡን እዩ።

ሓኪምክን ናይ AMNIOCENTESIS መርመራ ውፅኢት ይነግረኽን እዩ። መብዛሕትኡ ግዘ እቲ ሓኪምክን እንተደሊኽን ናይቲ ማማይ ጾታ ይነግር እዩ።

## AMNIOCENTESIS መርመራ መን እዩ ዝፍቀደሉ?

- ንምውላድ ከቓረባ እንከሎ ዕድሚኣን 37 ዓመትን ንላዕሊ ዝኾነን ደቂ ኣንስትዮ።
- ደቂ ኣንስትዮ ከወልዳ እንከሎ ሕማም ዝሕብር Down's syndrome (ናይ ኣእምሮ ድሕሪት) ወይካዓ Spina bifida (ኣካላዊ ድሕሪት) ዝነበረን።
- ናይ ክሮሞሶም ፀገም ዘለዎም ደቂ ኣንስትዮ [ወይካዓ ናይቲ ማማይ ወላዲ ኣቦ] ወይካዓ ብናይ 'ሜታቦሊክ/metabolic' ዘይምስትኽኻል ናይ ምውላድ ፀገም ዘለዎም ወለዲ።

## ዕድሚኤን ካብ 37 ዓመት ዝኾኖ ደቂኣንስትዮ ንምንታይ እዩ AMNIOCENTESIS መርመራ ዝግበረለን?

ናይ ደቂ ኣንስትዮ ዕድመ እንዳወሰኸ ከኺይድ እንከሎ ናይ ክሮሞሶም ፀገም ዘለዎ ማማይ ናይ ምውላድ እድል እንዳወሰኸ ይኺይድ እዩ። እቲ ልሙድ ናይ ክሮሞሶም ፀገም Down's syndrome ናይ ሕማም ምልክት እዩ።

ኣሞንነ 37 ዓመትን 40 ዓመት ዕድመ ዘለዋ ናይ ክሮሞሶም ፀገም ዘለዎ ማማይ ናይ ምውላድ እድል ካብ 100 ውሽጢ 1 ኾውን። ካብ 40 ዓመት ዕድመ ንላዕሊ ዘለዋ እዚ እድል ካብዚ ንላዕሊ ይኾውን እዩ።

እቲ መርመራ ኣብዝኾነ ናይ ጥንሲ ግዘ ምግባር ይኽኣል ግናስ ነቲ ማሕጸን ደሕንነት ከብሓል ብውሑድ ከሳብ 15 ሰሙናት ምፅናሕ የድልይ እዩ።

## ቅድሚ ናይ ፅንሲ ፈሳሲ መርመራ ብድምጺ/Ultrasound ምምርማር ንምንታይ የድልይ?

Ultrasound መርመራ ሓያል ዝኾነ ናይ ድምጺ ምንብልባል ብምጥቃም ናተኽን ውሽጣዊ ኣካል ከፋል ስዕሊ ንምፍጣር ይኾውን። እዚ'ድማ ብፍላይ ናይቲ ዕቤት ማማይ ንምርኣር ፅቡቅ እዩ።

**ናይ ጥንሲን ቆልዓ ምውላድን መረዳእታ ወረቀቲ፡ ሰነ/JUNE 2003**

**ኣብ ፅንሲ ፈሳሲ ብምውሳድ ዝግበር መርመራ/AMNIOCENTESIS**

ኣብታሕታዋይ ከብዲ መለግለግ ዝብል ፈሳሲ ብምልካይ ብላስቲክ ዝኾነ ነገር (transducer) ቐስ ኣቢልካ በቲ ቆልበት ምንቅስቃስ ይኽውን።

ናይ ድምጺ Ultrasound መርመራ ብምግባር ዝፍለጥ ሓደጋ የለን።

ናይ Ultrasound መርመራ ብምግባር ሓደ ማማይ ጥራይ ንምኳኑን እቲ ጥንሲን መዳሕንቲን ጥዑይ ንምኳኑ ይርኣይ እዩ። ከምኡ'ውን ናይቲ ጽንሲ ዕድመ ይነግር እዩ።

Ultrasound መርመራ ንብኣሉ ጥራይ ናይ Down's syndrome ፀገም ከጥቑም ኣይኽእልን ስለዚ ናይ Down's syndrome ፀገም ንምፍላጥ ካልኦት መርመራታት ከምዘድልይ እዩ።

ናይ AMNIOCENTESIS መርመራ ንምግባር ከትዳለው እንከሎ እቲ ማማይን መዳሕንቲን [ድሕሪ ምውላድ] ዝርከበሉ ቦታ ንምፍላጥን ኣብመወዳእታ ናይ Ultrasound መርመራ ይሕግዝ እዩ።

## ኣብቲ መርመራ ዝግበረሉ ዕለት እንታይ ከምዝግበር?

ኣብ መርመራ ዝግበረሉ ግዜ ፍሕኛኽን ከመልእ የብሉን። ይኹን እምበር ቑሩብ ሽንቲ ኣብ ፍሕኛ ውሽጢ መንበር ነቲ ማማይን ትሕቲ ማሕጸን በቐሊሉ ንምርኣይ ይኽኣል እዩ። እቲ ምርኣይ ከውዳእ እንከሎ ብቐጥታ ናይ AMNIOCENTESIS መርመራ ምግባር እዩ።

ድሕሪ ቀርበት ምፅራይ እቲ መርፍእ ናብ ማሕጸን ይኣትው እዩ። እቲ መርፍእ ናብ ማሕጸን ከምዝኸይድ ንምርኣይ ክሕግዝ ሓኪም ናይ Ultrasound መርመራ ይጥቀም። ነቲ ፈሳሲ በቲ ስሪንጅስ ንምቅዳሕ ናብ 15 ደቂቕ ግዜ ይወስድ እዩ።

ድሕሪ እቲ መርፍእ ምውጻኡ እሞ ካብቲቲ ከፍሊ ቅድሚ ምውጻእ ካልኣይ ነቲ ማማይ መፍታሽ እዩ። ን30 ደቂቕ ጸጥ ኢልካ ድሕሪ ምጽናሕ ናብ ከዛኽን ምኻድ ትኽእላ።

መብዛሕትኣን ደቂ ኣንስትዮ ከምዝበላና ድሕሪ እቲ መርመራ ፀገም ከምዘይብሉን ብጣዕሚ ውሑድ ዝኾነ ዘይምቹእ ኩነታ ከፍጠር ከምዝኽእል እዩ።

ድሕሪ እቲ መርመራ ናብ ገዛኽን ብዘይፀገም መኪና ከትዝውራ ትኽእላ ግናስ ዝኻኣል እንተኾይኑ ዝኾነ ሰብ ምሳኽን እንዳዘወረ ከወስደኽን ይምረጽ እዩ። ሙሉእ ማዓልቲን ኣብዝቕጽል ማዓልቲ ብዘይምንቅስቃስ እረፍቲ ምግባር ግናስ ናብ ኣራት ምድቃስ ኣድላይ ከምዘይኾነ እዩ።

## እንታይ ዓይነት ምግርጫው ክፍጠር ይኽእል?

ናይ AMNIOCENTESIS መርመራ ዝገበረት ደቂ ኣንስትዮ ናይ ጥንሲ ምካድ/ምውራድ ፀገም ከሳብ ሕጂ ኣይተረጋገፀን እዩ።

ናትና መርመራ ውፅኢት ከምዘርእዮ ደቂ ኣንስትዮ AMNIOCENTESIS መርመራ ክገብራ እንከላ ናይ ጥንሲ ምካድ መርመራ ምስዘይገበራ ከወዳደር እንከሎ ብዙሕ ኣይኾነን።

እቲ ፀገም ብጣዕሚ ውሑድ ከምዝኾነ ምሕሳብ ከምዘለናን ካብ 200 ጥኑሳት ዘውርደን ካብ1 ኣይበዝሕን እዩ።

ብጀካ እዚ ብጣዕሚ ውሑድ ዝኾነ ናይ ጥንሲ ምውራድ ፀገም ናይ AMNIOCENTESIS መርመራ ምስ ማዓይ ወይካዓ ጥንሲ ምንም ዓይነት ምግርጫው ኣይርኣይን እዩ።

መርኣያ ብዘይምቅራቡ ወይካዓ እቲ ላቦራቶር ውፅኢት ብዘይምሃቡ ምክንያት ከምካልኦት መርመራታት ውድቂ ክኸውን ይኽእል እዩ።

## ድሕሪ ናይ መርመራ እንታይ ክጽበይ ኣለኒ?

ድሕሪ መርመራ ፀገም ዝርኣይ ብጣዕሚ ውሑድ እዩ። ብዙሕ ግዘ ኣብቲ ቀርበት ብዝፍጠር ስምብራት ምክንያት ዘይምቹ ኩነታት ብመጠኑ ክፍጠር ይኽእል። ብብልዕቲ ኻለንስተይቲ ብዙሕ ደም ወይካዓ ማይ ፈሲሱ ወይካዓ ብድሕሪ AMNIOCENTESIS መርመራ ቓንዛ እንተሃልዩኽን ሓኪምኽን ከተማኽራ ኣለኽን።

## ናይቲ መርመራ ውፅኢት ክንደይ ግዘ ይውድእ?

መብዛሕትኡ ግዘ spina ቢፈዶ ናይ መርመራ ውፅኢት ንምሃብ ክሳብ ሓደ ሰሙን ይውድእ እዩ። ይኹን እምበር እቲ ማዓይ ናይ spina bifida ፀገም እንሃልይዎ ብናይ Ultrasound መርመራ ይፍለጥ እዩ ግናስ ሓኪምኽን ብጀካ ቀድሚ ሕጂ ከትወልዳ ሰፒኔ ቢፈዶ ፀገም እንተኔሩኽን ኣይዛረብን እዩ።

ንDown's syndrome ፀገም ንምፍላጥ ዝግበር ናይ ክሮሞሶም መርመራ ውፅኢት ክሳብ ክልተ ሰሙናት ይውድእ ምክንያቱ ነቲ ዋህዮ ንምዕባይ ግዘ ስለዘድልዮ እዩ። እቲ ላቦራቶሪ ነቲ ውፅኢት ብቐጥታ ናብ ሓኪምኽን ይልእኽ እዩ።

ናይ ጥንሲን ቀልዓ ምውላድን መረዳእታ ወረቐቲ፡ ሰነ/JUNE 2003

ኣብ ፅንሲ ፈሳሲ ብምውሳድ ዝግበር መርመራ/AMNIOCENTESIS

ፀገም እንተተፈጢሩ ኣብዝኾነ ጥንሲ ደረጃ ውርደ ክግበር ይኽኣል እዩ።

## ሓጺር ጸብጻብ

**AMNIOCENTESIS መርመራ ቁሩብ ናይ ምግርጫው ፀገም ክነብሮ ይኽእል እዩ። ይኹን እምበር ፍሉይ ኩነታት ኣብዘለዎ ሕሙማት ዝፍጠርን ኣብ 37 ዓመት ዕድመ ወይካዓ ንላዕሊ ዝኾና ኣዶታት ብጣዕሚ ዝተለምደ ይኽውን። እቲ መርመራ ናይ Down's syndrome ፀገም ንምንባሩን ካልኦት ናይ ክሮሞሶም ዘይምስትኽካልን ናይ spina bifida ፀገም ንምንባሩ የረጋጸልና እዩ። እቲ ማማይ ጥዑይ ንምኳኑ ንምርግጋጽ ብሓባር ብ Ultrasound ምርኣይን ብናይ AMNIOCENTESIS መርመራ ምግባር ኣገዳሲ ይኽውን እዚ ማለት ድማ ከመጽእ ዝኽእል ዝኾነ ዓይነት ዘይባህሪያዊ ክነብር ክምዝኽእል እዩ።**



THE ROYAL WOMEN'S HOSPITAL